# ምምስራት ግንባር ናቕፋ

## ማእከል ስሕበት ሓርነታዊ ቃልሲ

## (10ይ ክፋል)



ሰሎሙን በርሀ

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር፡ ነቲ ብደገፍ ሕብረት ሶቭየት ኣብ ወተሃደራዊ ሚዛን ሓይሊ ዝመጸ ዓቢ ለውጢ ብወድዓውነት ገምጊሙ፡ ደርግ ንዝሃነጾ ክሳብ ዓንቀሩ ዘመናዊ ኣጽዋር ዝዓጠቐ ገዚፍ ወራሪ ሰራዊት ኣብ ዝተናውሐ ኲናት ጸሚዱ ንምድኻሙን ንምስዓሩን፡ ኣብ መፋርቕ 1978 ውሳነ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ከምዝወሰደ፡ በቲ ውሳነ'ቲ ህዝባዊ ሰራዊት ካብ ዝሰፍሐ ሓራ ቦታታት ኤርትራ ቀስ ብቐስ እናስሓበ ሳሕል ብምብጻሕ ናይ መወዳእታ መከላኸሊ መስመሩ ከምዝሓዘ ርኢና። ኣብ ዕርዲታት ሳሕል ዝተፈነ ራብዓይን ሓሙሻይን ወራራት፡ ከምኡ'ውን ህዝባዊ ሰራዊት ንጸላኢ ኣጸቢቑ ንምድኻምን ኣጽዋሩ ንምምንዛዕን፡ ኣብ ታሕሳስ 1979ን ጥሪ 1980ን ኣብ ግንባር ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ዝወሰዶ ተበግሶ ጸረመጥቃዕቲ ተመልኪትና። ብድሕሪ'ዚ ኣብቲ ዝቐጸለ ክልተ ዓመታት ስርዓት ደርግ ንካልእ ወሳኒን ናይ መወዳእታን ዝበሎ ወፍሪ (ሻድሻይ ወራር) ልዑል ምድላዋት ከምዝገበረ እውን ኣንቢብና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፦ እቲ ንክልተ ዓመት መመላእታ ብዓቕሚ ሰብን ኣጽዋርን ካልእ ሎጂስቲክስን ሰፊሕ ምድላዋት ዝተገብረሉ፡ ናይ መወዳእታን ወሳኒን ዝተባህለ ሻድሻይ ወራር (ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ) ብ15 ለካቲት 1982 እዩ ጀሚሩ። በቲ ሓድሽ ግንባር ባርካ ከጥቅዕ ዝተመደበ 'መብረቕ እዝ'፡ ንተራራ ክፍለጦር 21 ከምኡ'ውን ንመካናይዝድ ክፍለ-ጦር 24 ኣሰሊፉ ነበረ። ግንባር ባርካ ካብ ከባቢ ዓዳየት፡ ብክሳድ ሸኮር፡ ኤኮክ፡ ኣቢሉ ክሳብ ሰልዓ ዝዝርጋሕ'ዩ ነይሩ። እንተኹነ እቲ በዚ ግንባር'ዚ ዘጥቅዐ ሰራዊት፡

ህዝባዊ ሰራዊት ኣዳልዩዎ ኣብ ዝጸንሐ ሰፊሕ ድብያ ኣትዩ፡ ኣብ ውሽጢ ናይ ሳልስቲ ውግእ ገዚፍ ክሳራ ተሰኪሙ ተረዥመሸ። በዚ ግንባር'ዚ ተስፋ ዝቑረጸ ስርዓት ደርግ፡ ኣሰሊፍዎ ካብ ዝነበረ ሰራዊትን ኣጽዋርን ተረፍመረፍ ኣኻኺቡ ናብ ግንባር ናቕፋ ክም ዝድረብ ገበረ። ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ብማእከል ንክፍለ-ጦር 19፡ ብየማን ንክፍለ-ጦር 23፡ ብጸጋም ንክፍለ-ጦር 15 ዘሰለፈ 'ውቃው እዝ'፡ ብጸጋም ብመሬት ሱዳን ተኻሊሉ፡ ንደምቦቤት ተዓጺፉ፡ ሓድሽ ክንፊ ፈጠረ። ብየማን'ውን ናብ ፋሕ ዝጠመተ ካልእ ክንፊ መጥቃዕቲ ኣበገሰ። ብብርቱዕ ውግእ ንደምቦቤት ተቑጻጺሩ፡ ብየማን ብፋሕ፡ ዜሮ ኣቢሉ ክሳብ'ቲ ቀንዲ ሽቶኡ ዝነበረ መሽዓሊብ (ብራኸ 1603) ስለ ዝበጽሐ ከኣ፡ ኣብቲ ግንባር ንግዜኡ ከቢድ ጸቕጢ ክፈጥር ክኢሉ ነበረ። እንተኾነ ህዝባዊ ሰራዊት ነቲ ብሸነኽ መሽዓሊብ ሰለሙን በርሀ ዝተንቀሳቐሰ ሓይሊ ጸላኢ መኪቱ ዘፍ ምስ ኣበሎ፡ ብኡ ንብኡ ብሸነኽ ደምቦቤት ጸረ-መጥቃዕቲ ወሲዱ፡ ንሰራዊት ጸላኢ ካብ ኣኽራናት ደምቦቤት ኣውረዶ፡ ቀጺሉ ድማ ብሸነኽ መሽዓሊብ-ዜሮ፡ ጸረመጥቃዕቲ ብምውሳድ ንውጥን ወራሪ ሰራዊት ደርግ ዝርግርግ ስለዝኣተወሉ፡ ጸላኢ ናይ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል መደቡ በርዓነ። ኣብ ሓምሻይ ወራር ሰራዊት ጸላኢ ዘጥቅዓሉ ሳልሳይ ግንባር፡ ኣብ ሻድሻይ ወራር እውን እቲ ዝበርትዐ፡ ብዙሕ መስዋእቲ ዝተኸፍሎ መሪር ውግኣት ዝተኻየደሉ ቦታ እዩ። እቲ ዝያዳ ኣሻቓሊ፡ 3ይ ክፍለ-ጦር፡ ብወገን ደብረጥሉል ናብ ኣግራዕ ወሪዱ መስመር ናቕፋደጀን ክበትኽ ዝገበሮ ምንቅስቓስ ነበረ። ብምብራቓዊ ኣጻድፍ ናብ ናቕፋ ክወጽእ ዝተንቀሳቐሰ ክፍለ-ጦር 17 እውን ንብራኸ 1702 ከባቢ ታባ ውፉያት ብምቁጽጻር ኣብ መጀመርታ ናይቲ ኲናት ከቢድ ጸቕጢ ፈጢሩ ነበረ። በዚ ጸቕጢ'ዚ ድማ ኣብ ሕዳይ ዝነበረ ድፍዓት ህዝባዊ ሰራዊት፡ ናብቲ ቅድሚ ተበግሶ ታሕሳስ 1979 ዝነበረ ዕርድታት ማለት ናብ ኣፍደገ ናቕፋ የማነ-ጸጋም እምባ ደንደን ክስሕብ ተገደደ። ብ16 ለካቲት 1982 ቀትሪ፡ ቦጦሎኒታት 75፡ 73፡ ከምኡ'ውን ሓንቲ ቦጦሎኒ ብርጌድ 51፡ ሓንቲ ሓይሊ ናይ ብርጌድ 44፡ ከምኡ'ውን ገለ ጋንታታት ኣጋር ከቢድ ብረት 76.3፡ ምስ ታንከኛ ኣሃዱ ተወሃሂደን፡ ኣብ ከባቢ ኣግራዕ ኣንጻር'ቲ ብ"ኣንበሳ" ዝፍለጥ 3ይ ክፍለ-ጦር ብርቱዕ ውግእ ገጠማ። እዚ ክፍለ-ጦር'ዚ፡ ሓደ ክፋሉ ንደጀን ገጹ ክግስግስ፡ ሓደ ክፋሉ ከኣ ንጽርግያ ሕመድ ዲበላይ በቲኹ፡ ብድሕሪት ተዓጺፉ፡ ኣብ ግንባር ናቕፋ ንዝተሰለፋ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ክኽርድን ዝተበገሰ ነበረ። ኣብዚ ግንባር'ዚ ዝኣተዋ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት፡ ሓደ ጥርናፈ ዘይነበረን ዝተፈላለያ ኣሃዱታት እየን ዝነበራ። ከንዲ ዝኾነ፡ እቲ ውግእ ኣብ መጀመርታ ናይ ምውህሃድ ጸገም ነበሮ። እቲ ኩነታት ኣሰጋኢ ስለዝነበረ ከኣ፡ ኣብ ክፍልታት ደጀን ዝጸንሑ ተጋደልቲ

ብጉያ ናብቲ ግንባር መጺኦም ምስ ቦጦሎኒታት 73ን 75ን ከም ዝጽንበሩ ተገብረ። ብ17 ለካቲት 1982 እዘን ኣሃዱታት ምስ ኩሉ ጸገማተን ጸረመጥቃዕቲ ፈንየን፡ ንጓይ ክፍለ-ጦር ካብ ከባቢ ጽርግያ ጸሪገን፡ ኣብ በረኽቲ ጎቦታት መእድንን፡ ተቀስጠን (ዓንቀር ጸሊም) ከም ዝድረት ገበራኦ። ይኹን'ምበር መጥቃዕቲታት 3ይ ክፍለ-ጦር ፍጹም ዕረፍቲ ኣይነበሮን። ደርግ ገዚፍ ዓቕሚ ስለዘኸተተ፡ በዚ ኣብ መንጎ ግንባር ናቕፋን ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን (ሳልሳይ ግንባር) ዝኸፈቶ መጥቃዕቲ ክልቲኡ ቀንዲ ግንባራት ከምዝላገብ ገበረ። ህዝባዊ ሰራዊት ከኣ፡ ድፍዓት ናቕፋ ብየማን ክሳብ ሮራ-ሓባብ ብሪጅ ብጸጋም ድማ ብገብገብ፡ ኣንደብ፡ መንድዓት፡ እበር፡ ብራኸ 1001፡ ደብዓት ገይሩ፡ ብኣርዐ፡ ሰበርቀጠ ኣቢሉ ምስ ዜሮ ከም ዝራኸብ ገበሮ። በዚ ድማ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ናቕፋን፡ ካብ ደምቦቤት ኣትሒዝካ ክሳብ ሮራ-ሓባብ ብሪጅ ተኣሳሲሩ፡ ከቢድን ደማዊን ምርብራብ ቀጸለ። ኣብ ግንባር ናቕፋ ዝነበረ ኣተሓሕዛ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት፡ ክልተ ቦጦሎኒ ናይ ብርጌድ 58 ካብ ጽርግያ ናቕፋ ጸጋም ክሳብ ኣንደብ፡ ብርጌድ 51 ማእከል፡ ብርጌድ 77 የማነጸጋም ፈርኔሎ ነበረ። መዳፍዕ ብስቑል ኣብ ዒላማታት ጸላኢ ኣሲሩ፡ ረሻሽት ከኣ ጽምዲ ዕላማ ተዋሂብዎ፡ ኣጋርን ነፈርትን ከም ዝቃወም ተገብረ። ኣርባዕተ ታንክታት ከኣ ካብ ከባቢ መዓርፎ ነፈርቲ ናቕፋ ክሳብ ፈርኔሎ ኣብ ዝነበረ ቦታታት ፋሕ ኢለን ምስ ኣጋር ብርጌዳት ተወሃሂደን ቅድሚት ተሰለፋ። ኣብተን ቀዳሞት መዓልታት ናይቲ ወራር ጸላኢ እተን ቀንዲ ንናቕፋ ክድይበለን ዝፍትን ዝነበረ ቦታታት፡ ካብ መንድዓት ክሳብ ኣርወ (ሳልፈር) ከምኡ'ውን ክሳብ እንዳ-ስጋ ዘሎ በረኽቲ ቦታታት (ብራኸ ነጥቢ 1702፡ 1725፡ 1755)፡ እዩ ነይሩ። ነዚ ጎቦታት'ዚ ምስ ተቘጻጸረ ሰራዊት ደርግ ንፈለማ ግዜ ነታ ትእምርቲ ጽንዓት ተጋዳላይ ዝኾነ ከተማ ናቕፋ ምሉእ ብምሉእ ብዓይኑ ክርእያ ኸኣለ። ክፍለ-ጦር 17፡ ኣብ ብራኸ 1702 ባንዴራ ተኺሉ፡ 'ናቕፋ ትረኣየኒ ኣላ!' ዝብል ብስራት ናብ ላዕለዎት ኣዘዝቱ ዝለኣኸሉ ናቕፋ ኣብ ሓደጋ ዝወደቐትሉ፡ ዝለዓለ ጥርዚ ናይቲ ወራር ነበረ። የግዳስ ኣብዚ ዝተጠቕሰ እዋን፡ ብግንባር ባርካ ዝወፈረ 'መብረቅ እዝ' ኣብ ውሽጢ ናይ ሳልስቲ ብርቱዕ ውግእ ስለ ዝተረኹመሸ፡ ዓቕሚ ህዝባዊ ሰራዊት ብቕልጡፍ ናብ ግንባራት ናቕፋን ሰሜናዊ ሳሕልን ተደሪቡ ከምዝምክት ተገብረ። ብ24 ለካቲት 1982፡ ሰለስተ ናይ 100 ሚሊ ሜትር ታንክታት (ሓይሊ 76.42) ካብ ግንባር ሰሜናዊ ሳሕል መጺኣን ናብ ሳልሳይ ግንባር ተደረባ። ቦጦሎኒ 58.2 ከኣ ብ26 ለካቲት ኣብዚ ግንባር'ዚ ተጸንበረት። ኣሃዱታት ብርጌድ 70 እውን፡ ካብ ባርካ ናብ ግንባራት ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ተደረባ። ድሕሪ'ዚ ምውድዳባት'ዚ ብ26 ለካቲት ኣብ ሳልሳይ ግንባር ብርቱዕ ጸረ-

መጥቃዕቲ ንምፍናው ምድላዋት ተጻፊፉ፡ ካብ ዓንቀር ጸሊም ክሳብ ኣንደብ፡ ብደብዳብ ሞርታራት፡ ረሻሻት፡ ታንክታትን መድፍዕን ዝተሰነየ ሓያል ውግእ ተኸፍተ። ድሕሪ መሪር ውግእ ኣብ ዓንቀር ጸሊም ሓኹሩ ዝነበረ ሰራዊት ደርግ ንኰልጎል ናሮ ከምዝጸድፍ ተገብረ። በዚ ድማ ስግኣት ሳልሳይ ግንባርን ምትሓዝ ናቕፋን ሓንሳብን ንሓዋሩን ተወገደ። ኣብዚ ከቢድ ውግእ ናይ ጸጋማይ ግንባር ናቕፋ፡ ኣብ ከባቢ ኣርወ እትርከብ ብራኸ 1702 ኣብ ከባቢኣ ዝርከብ ድሓር 'ታባ ውፉያት' ዝተሰምየ ቦታን፡ ሓያል ክርክር ዝተኻየደሉ ነበረ። እዚ ቦታ'ዚ ተጋደልቲ፡ ናቕፋ ካብ እትትሓዝ ብምሉኦም ክስውኡ ድሉዋት ምንባሮም ብግብሪ ዘርኣዩሉ፡ ብልዑል ተወፋይነት መስተንክራዊ ጅግንነት ዝፈጸሙሉ ቦታ እዩ። በዚ ድማ ድሕሪ'ዚ ውግእ'ዚ "ታባ ውፉያት" ተባሂሉ ተሰምየ። (ኣብታ ብኢትዮጵያዊ ደራሲ በዓሉ ግርማ ዝተደርሰት 'ኦሮማይ' ዘርእስታ መጽሓፍ ኣብ ገበር ዘሎ ስእሊ ነዚ ሓያል ግጥም ዝተኻየደሉ ቦታታት ዘመልክት እዩ።) ብድሕሪ'ዚ ግጥም'ዚ፡ ስርዓት ደርግ እቲ ንህዝባዊ ሰራዊት ኣኽቢብካ ምሉእ ብምሉእ ምድምሳስ ዝብል ውጥኑ ከምዘይክኣል ስለዝተገንዘበ፡ መምለስ እግሪ ገለ ዓወት ንምጭባጥ ተባሂሉ፡ ዝገበርካ ጌርካ "ብውሑዱ ናቕፋ ምቍጽጻር!" ዝብል ናይ ዓቕሊ ጸበት ውጥን ተሓንጸጸ። ነዚ ንምትግባር ድማ፡ ኣብ ርእሲ'ቶም ኣብ ግንባር ናቕፋ ዝነበሩ ክፍለ-ጦራት 3፡ 17፡ 22፡ ከምኡ'ውን ካብ ግንባር ባርካ ዝተደረቡ ክፍለ-ጦራት 21፡ 24፡ ተራራ ክፍለ-ጦር 18፡ 2ይ ክፍለ-ጦር ካብ ከባቢ ከረንን ሓልሓልን መጺኡ ናብ ግንባር ናቕፋ ተደረበ። ተወሰኽቲ ናይ መድፍዕ፡ ታንክ፡ ጸረ-ኣየር ቦጦሎኒታት እውን ከምዝድረቡ ብምግባር፡ ብልዕሊ ሸውዓተ ክፍለ-ጦራት ናቕፋ ንምቁጽጻር ተደጋጋሚን ከቢድን ውግእ ተኻየደ። ካብ ጸጋማይ ግንባር ከባቢ መንድዓት ክሳብ የማን ጎቦ ደንደን ዕርዲ ፈርኔሎ ኣብ ዝነበረ መከላኸሊ መስመር ከኣ፡ ሰራዊት ደርግ ኣሃዱታት እናቐያየረ ን82 መዓልትን ለይትን ብርቱዕ ምርብራብ ኣካየደ። ኣብ መንጎ'ዚ ውግኣት'ዚ ደርግ ንሰራዊቱ ሞራል ክህብን ንህዝባዊ ሰራዊት ከደናግርን ብምሕሳብ ሓደ እዋን ብድሕሪ ዕርዲ ተጋደልቲ ኣየር ወለድ ዘውርድ ተመሲሉ ኣብ ከባቢ በዓት ሑጻ ዝመልአ ከሻሹ ብጃንጥላ ደርብዩ ነበረ። ጃንጥላታት ዝደርበየሉ እዋን፡ መሬት ኣብ ምምሳዩ ስለዝነበረ ከኣ፡ ኣብ ኣዘዝቲ ህዝባዊ ሰራዊት ዝፈጠሮ ሻቕሎት ቀሊል ኣይነበረን። በዚ ድማ፡ ገለ ኣሃዱታት ካብ ግንባር ወጺኣን ናብቲ ጃንጥላ ዝተደርበየሉ ከባቢ ጎየያ። እቲ ደርግ ዝተጠቐመሉ ስልቲ ግን ኣብቲ ግንባር ዝፈጠሮ ጽልዋ ኣይነበረን። ኣብ ሻድሻይ ወራር ስርዓት ደርግ ኣብ ገለ ውሱን ዕርዲታት (ጥሩቕሩቕን ከባቢ ቮሊቦልን) ቀመማዊ ጋዝ ክጥቀም ፈቲኑ እኳ እንተነበረ፡ ካብ ስነኣእምሮኣዊ መናውራ ዝሓልፍ ኣይነበረን። ድሕሪ'ዚ ዝተጠቕሰ ሓያል

ምርብራባት ከኣ ሻድሻይ ወራር ብ20 ሰነ 1982 ብዓወት ህዝባዊ ሰራዊት፡ ብፍሽለት ወራሪ ሰራዊት ደርግ ተደምደመ። ኣብዚ ከቢድ ምርብራብ ዝነበሮ መሪርን ነዊሕን ግጥም፡ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ልዕሊ 2700 ብሉጻት ተጋደልቱ መስዋእቲ ከፊሉ። ምጥንኻር ህዝባዊ ሰራዊት እቲ ናይ ኣስታት ክልተ ዓመት ኩሉ መዳያዊ ምቅርራብን ዓቢ ዳንኬራን ዝተገብረሉ ሻድሻይ ወራር ምስ ፈሸለ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ፍናኑ ዝያዳ በረኸ። እንተኾነ ሻድሻይ ወራር ንምፍሻል ዝተኸፍለ መስዋእቲን ዝነበረ መውጋእቲን ቀሊል ስለ ዘይነበረ፡ ሰብኣዊ ዓቕሚ ክጓደል ግድን ነበረ። ድሕሪ ፍሸለት ሻድሻይ ወራር፡ ህዝባዊ ግንባር ናይ ድሕሪ መስመር ምንቅስቓሳቱ ኣነጣጠፎ። ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ኣኽራናት ሳሕል ኣብ ዝረባረበሉ ዝነበረ እዋን፡ ሰፊሕ ከባቢታት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሰራዊት ደርግ ስለ ዝነበረ፡ ናብ ሜዳ ዝስለፍ መንእሰይ ብዙሕ ኣይነበረን። ህዝባዊ ግንባር ዝውስኾ ዝነበረ ዓቕሚ ሰብ ምስቲ ደርግ በብግዜኡ ዝድርቦ ዝነበረ ዓቕሚ ፍጹም ክወዳደር ዝኽእል ኣይነበረን። ኣብ ርእሲ'ዚ ደርግ፡ ንመንእሰያት ኤርትራ ብስም ብሄራዊ ኣገልግሎት ናብ ሰራዊቱ ከእትዎም መደብ ኣውጺኡ ክንቀሳቐስ ስለዝጀመረ፡ ህዝባዊ ግንባር፡ ነዚ ኩነታት'ዚ ብምግምጋምን ቀጻልነትን ዓወትን ሰውራ ንምርግጋጽን፡ ቀቅድሚ ሰላሕታ ወራር ኣብ ዝነበረ እዋን ሃገራዊ ጻውዒት ኣወጀ። ብመደብ ሃገራዊ ጻውዒት ከኣ ብዙሓት መንእሰያት ካብ ሓራን ሓውሲ ሓራን ቦታታት ናብ ህዝባዊ ሰራዊት ብምጽንባር፡ ንዓቕሚ ሰውራ ኣደልደልዎ። ከም ውጽኢቱ ኣብ ኣወዳድባ ሰራዊት ለውጢታት ተገብረ። ኣብ ድሕሪ መስመር ብርጌዳት ዞባዊ ሰራዊት ከም ዝቔማ ተገብረ። ገለ ካብተን ፍሉያት ቦጠሎኒታት እውን ነተን ኣብ ሻድሻይ ወራር ዝያዳ ዝተሃሰያ ብርጌዳት መጠናኸሪ ኰና።